# ቀታሊ ጽሬት ትምህርቲ ትግራይ መን እዩ?

*"መጻኢ ዕድል ሓንቲ ሃገር/ሓደ ህዝቢ ናበይ ከም ዘምብል ክትፈልጥ እንተደሊኻ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ እታ ሃገር ኬድካ ተዓዘብ"*

* ኣበሃህላ እንግሊዛውያን

ትግራይ ብዋጋ መሪር መስዋእቲ ካብ መቑሕ መግዛእቲን ባርነትን ገዛእቲ ደርብታት ሸዋ ሓራ ምስወጸት፣ ብዓብይ ፍናን ኒሒን፣ ልክዕ ከምቲ ድሕሪ ዓወት ኣብ መብዛሕቲኦም ዘፈራት ዝነበረ ሃይሃይታ፣ ኣብ ዓውዲ ትምህርቲ ውን ብምሒር ሓቦን ኒሕን ወፍርታት ክተካይድ ተራእያ እያ፡፡ ብርግጽ ወላካ ዘይማዕበለን ፓለቲካዊ ጸቕጥን ዝበዝሖ እንተነበረ ኣብ እዋን ግድሊ ውን ኣብ ሓራ መሬት መኣዲ ትምህርቲ ይቐርብ ምንባር ዝርሳዕ ኣይኮነን፡፡

ድሕሪ ዓወት ብትግርኛ ምጽሓፍን ምምሃርን ከምዝከኣል ብመሰል ምስተረጋገጸ፣ እተን ዝርካበን ብሑሉፋት ስርዓታት ዝተሃነጻ ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ ዓቕመን ተምሃሮ ዝቕበላሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ፡፡ድሕረት ሓኒቑ ዝሓዞ ገለ ክፋል ሓረስታይ ትግራይ ደቁ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰድድ ድሌት ዘይነበረሉ ኩነታት ውን ግን ነይሩ እዩ፡፡ "ትምህርቲ ሳይንሳ ናይ ሰይጣን እዩ" ዝብል እምነት ዝነበሮ ቁጽሩ ዘይንዓቕ ሓረስታይ ንደቁ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ደቁ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ክኸዱ ዝፈቅድ ኣይነበረን፡፡ ኮይኑ ውን ግን ነቲ ተረዲኡዎ ደቁ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ክሰድድ ዝወሰነ ዝኸውን ቀረብ ኣብያተ ትምህርቲ ውን ኣብ ፈለማ እዋናት ድሕሪ ዓወት እኹል ኣይነበረን፡፡

ንኣብነት ኣነ ኣብ ዝዓበኽሉ ከባቢ 4 ወይ 5 ጣብያታት ዘዋስንዋ ንኡስ ወረዳ፣ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ሰለዝነበረት ቀዳማይ ክፍሊ ኮይነ 1986 ዓ/ም ኣብ ቤት ዓብይ ደራ/ኣጽቢ ወምበርታ ክምዝገብ ከለኹ ልዕሊ 100 ህጻናት ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ክፍሊ ኣብ መሬት ተጻጊና ክንመሃር ዝተገበርናሉ እዋን እዝክር፡፡ እዚ ውን ቀዲምና ዝተመዝገብና ዕድል ረኺብና እምበር፣ ቡዙሓት መሓዙትና ከይተመዝገቡ ተሪፎም እዮም፡፡ ምስ ተመዝገብና ውን ቀረብ እኹል ኣይነበረን፡፡ መምህሪ ሓገዝ መጽሓፍ ዝረኽብና ደሓር 5ይ ወይ 6ይ ክፍሊ ምስ በጻሕና እዩ፡፡ ቅድሚኡ ግን መምህር ኣብ ጸሊም ሰሌዳ ይጽሕፍ ኢድ መምህር እንደሰዓብና ብቕድድም ንጽሕፍ፡፡ ሰሌዳ ምስ መልእተደሚሱሰ ካልእ ጽሑፍ ይቕጽል፡፡

ልዕሊ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝነበረ ጸገም ቀረብ ግን ራሕቂ ቤት ትምህርቲ እቲ ዝኸፍአ እዩ፡፡ ዳርጋ መገዲ ሰዓትን 45 ደቒቓን ወይ ክልተ ሰዓት ተመላሊስና ኢና ትምህርቲ ንረክብ፡፡ ቁሪ፣ ጻምእ፣ ጥሜትን ዕርቃን ተወሰኽቲ መሓንቖታት እዮም ነይሮም፡፡

ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣብ መወዳእታ 80ታትን መፈለምታ 90ታትን ዝነበረ ናይ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተዘክሮይ ክሓስቦ ከለኹ ግን ግርም እዩ ዝብለኒ፡፡ ምስዞም ኩሎም ማሕለኻታት ቤት ትምህርትና ቡሉጻት ተምሃሮ የፍሪ ነይሩ፡፡ ንምንታይ ከምኡ ይኸውን ነይሩ ክብል ከለኹ ድማ ልዕሊ

ዝኾነ ምኽንያት ንዓይ ቀዲሙ ዝመጸለይ፤ ጻዕሪ መምህራን ተምሃሮን ዝብል እዩ፡፡ በቲ እዋን መምህራና ብፍላይ ዳይሬክተር ቤት ትምህርትና መምህር መዝገበ ምሕረቱ (ንፍሱ ኣብ ገነት ትምበር)፤ ብስነ ስርዓትን ስነምግባርን ክንመሃር ትምህርቲ ክንፈቱ ይገብሩና ነይሮም፡፡ ብዓይኒ ሓቂ ብናይ ሎሚ ኣረኣእያ መምህራና ኣብ ልዕሌና ዝነበሮም አተሓሕዛ ዘይዴሞክራስያዊ ክበሃል ዝኽእል እዩ፡፡ ሰዓት እንተርፌድና ወይ እንተረቢሽና ንግረፍ፣ ኣትክልቲ ቤት ትምህርትና ንኹስኩስ፣ እምኒ ንሓውር፣ ኣብ ጃህያ ተምበርኪኽና ንኸይድ ... ወዘተ፡፡ ኮይኑ ውን ግን መምህራና ንዓና ክሃንጹ ዕርፍቲ ኣይነበሮምን፡፡ ብመዳይ ትምህርትን ስነ-ምግባርን ክንዕወት ከም ወለድና ኮይኖም ዝከኣሎም ይገበርሉና ነይሮም፡፡ ብተዳጋጋሚ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተረፈ ወይ ናይ ስነ-ምግባር ጸገም ንዘርአየ ምሕረት የለን፡፡ ወደለዱ ከምጽእን መጠንቀቕታን ምስተውሃቦ ምብራር እዩ ዝነበረ፡፡

መምህራና በቲ ዘመን ዝበለጸ ናብራ ዝመርሑ  ኣብቲ ሕ/ሰብ ዝግብኦም ክብርን ተቐባልነትን ዝረኸቡ ነይሮም፡፡ መምህራና ኣብ ገጠር እንዳነበሩ መብራህትን ጽሩይ ቀረብ ማይን ዘይብሉ ክሰርሑ ሙሉእ ተበግሶ ነይርዎም፡፡ ምናልባት ዓወት ገድሊ ትግራይ ዝፈጠሮ ፍናን እውን ክኸውን ይኽእል፤ መምህራን ብምሉእ ፍቕሪ ትግራይና ክትህነጽ ይሰርሑ ነይሮም፡፡ ብኡ ልክዕ ንዓና ውን የለዓዕሉና ነይሮም፡፡ ሰበኻ ኣድላይ ትምህርቲ ውን ምስ ትግራዋይ ሓቦናን ሕልምናን ዝተቓነየ እዩ ዝነበረ፡፡

መንፈስ ናይቲ ዘመን ተምሃሮ ከኣ ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሰ ክሪኦ ከለኹ፤ ሰናይ ዝኾነ መንፈሳዊ ቅንእን ንሕንሕዝተምልኦ ንትምህርቲ ከቢድ ትርጉም ዝህቡ እዮም ነይሮም፡፡ ገጠር ምስ ምኻኑ ብተግባር ትምህርቲ ዘምጽኦ ማሕበራውን፣ ፓለቲካውን ቁጠባውን ለውጢ ክንዕዘብን ብኡ ክንለዓዓልን ንኽእል ኣይነበርናን፡፡ መምህራናተማሂሮም ንዓና ዘምህሩ ናብርኦምን ካብቲ መብዛሕቲኡ ክፉል ሕ/ሰብ ዝሓሸ ምኻኑ ፍናን ይፈጠርልናሉ ነይሩ፡፡ ቅሜና ዝነበሩ ዓበይቲ ተምሃሮ ዓድናብዛዕባ ንፍዓቶምን ጻዕሮም ዝበጽሕዎ ጽቡቕ ደረጃን ክንሰምዕ ከለና ድማ ዝበለጸ ኒሕ ዓብይ ነይሩ፡፡ ካልእ ኣብ ሞንጎና ዝነበረ ንሕንሕን ድሕሪ ዕውት ፍጻመ ንዕኡ ዝወሃበና ዝነበረ ሽልማትን ኣብ ግዘና ተወዳዳራይነት ክዓቢ ገዚፍ ትርጉም ኔርዎ፡፡

ደሓርደሓር ድማ ማሕበር ልምዓት ትግራይ በሉጻት ትምሃሮ ናብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ክትወስድ ምስ ጀመረት፤ ደቂ ድኻ ምስ ምኻና ቀጻላይ ጉዕዞ ትምህርትና ኣብ ምቹው ኩነታት ኮይና ንምውዳእ ልዕል ጻዕሪ ንገብር ነርና፡፡ ኣብ ዓመት 60 ተምሃራይ ካብ መላእ ትግራይ ኣወዳዲራ ናብ ቃላሚኖ ብምውሳድ ማልት ኣብ ትግራይ ዋዒ ንሕንሕን ተወዳዳርነት ፈጢራ ኣብ ቡዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ብብርኪ ትግራይ ተወዳዲሩ ክስዕር ዝህቅን ተምሃራይ ክፍጠር ምኽንያት ነይሩ፡፡ ማልት በዚ ከይተሓለለት ክረምቲ ክረምቲ ቅድሚኗ ተማሂሮም ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝነበሩ ተምሃሮ እንዳመጹ ከምህሩናን ኣብነት ክኾኑናን ውን ጌራ እያ፡፡ ዓበይቲ ተምሃሮ የሕዋትና እንዳመጹ ከምህሩናን ከለዓዕሉናን ከለው ምስ መዓት ጸገማትናተሪርና ክነጽንዕን ክነፍዕን የኽእለና ኔሩ፡፡

ኮታስ ንድሕሪት ኩነታት መወዳእታ 80ታትን መፈለምታ 90ታትን ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክሮ ከለኹ፤ ትምህርቲን ምንፋዕን ኣብ ትምህርትን ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ነይሩ፡፡ ምውዳቕ ዳርጋ ምስ ክብርኻ ዝተሓሓዝ እዩ፡፡ 8ይ ክፍሊ ዝወደቐ ሰብ ሕፍረት እዩ፡፡ ቡዙሕ ዝወድቕ ኣይነበረን እምበር ውሱን

ክህሊ ከሎ ክሕነቕ ወይ ናብ ቃላይ ክኣቱ ፈቲኑ ዝተትሓዘ ወይ ህይወቱ ዝሓለፍ ተምሃራይ ከምዝነበረ እዝክር፡፡

ከምዚ ዝበለ ጻዕሪ መምህራን ምልዕዓልን ተምሃራይን ናብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣተና ኢሉ ውን ኣብ መቐለ መጺና መሰናድኦ ክንከታተል ከለና ቀጺሉ እዩ፡፡ ኣብ ዩንቨርስቲ ውን ከምኡ፡፡ ዩንቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣቲና ኣብ ዝነበረና ጻንሒት ዳርጋ ኣብ ሕድሕድ ትምህርቲ ክፍሊ ዝለዓለ ውጽኢት ዘመዝግብ ትግራዋይ ተምሃራይ እዩ ዝነበረ፡፡ ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ተፈጥሮ ሳይንስ፡፡ ኣብ ካልኦት ዩንቨረስታት ውን የዕርኽትና ብዝነገሩና መሰረት ተመሳሳሊ ሓቂ ነይሩ እዩ፡፡

ተመሪቕና ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ኣተና ግን ነገራት ክቀያየሩ ጀሚሮም፡፡ ንከባቢ 9 ዓመት ኣብ መምህርነት ዩንቨረስቲ ጸኒሐ ኣለኹ፡፡ ኣብ ዘምሃርኩዎም ክፍልታት ክዕዘብ ከለኹ ትግራዋይ ተምሃራይ ይትረፍ ከምቲ ናይ ቀዶም ኣብ ቅድሚት ክስራዕ ገና ኣብ ቀዳማይ ዓመት ክወድቕ ሪኤ፡፡ መብዛሕቲኦም ተጋሩ ተምሃሮ ናይ ቋንቋ ብቕዓቶም ትሑት ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፣ ምጽሓፍ ዘይክእሉ ውን መዓት እዮም፡፡ ካልኦት ኣብ ዩንቨርስቲ ዝዓዩ የዕርኽተይ ውን ብተደጋጋሚ ክነዕልል ከለና ነዚ እዮም ኣረጋጊጸምለይ፡፡ እዚ ማለት ግን ሕዚ ውን ውሑዳት ንፉዓት ተምሃሮ የለውን ማለት ኣይኮነን፡፡

ከምቲ ሎምቕነ ንሪኦ ዘለና ድማ ኣብ ዩንቨርስቲ ኣትዩ ምብራር ጥራሕ ዘይኮነ፣ ትግራዋይ ተምሃራይ ናብ ዩንቨርስቲ ክኣቱ ውን ይጽገም ከምዘሎ እዩ፡፡ ንሰለ ሓቁ ግን ናይ ሎምዓመት ቁጽሪ ናብ ዩንቨርስቲ ዝኣቱ ተምሃራይ ሃጸይ ዮሃንስ ኣዝዩ መሰምበዲ ብምኻኑ ብዝፈጠሮ ምውዕዋዕ ቀልብና ገዚኡና እምበር፣ ብተደጋጋሚ መጠን ናብ ዩንቨርስቲ ዝኣቱ ትግራዋይ ካብ ግዝ ናብ ግዝ ይወርድ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ደሓን ግን ብምኽንያት ኣብ ሃጸይ ዮሃንስ ዘጋጠመ ዘደንግጽ ውጽኢት ተምሃሮ 12ተ ክፍሊ፣ ኩነታት ጽሬት ትምህርቲ ትግራይ ክንምርምር ቀኒና፡፡ ሙሉእ ሓበሬታ እንተዘይረኸብና ውን ክሳብ ሕዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ክነታት ንምፍላጥ ብዝተገበረ ጻዕሪ፣ ካብቶም ሓበሬታ ዝኣከብናሎም ከባብታት ብጀካ ናይ ከም ኣጽቢ፣ ዛላምበሳ፣ ዓብይዓድን ዝኣመሰሉ ኣብያተ ትምህርቲ ኣዝዩ መሰምበዲ እዩ፡፡ ኣብ ሑመራ፣ ማይ ካድራ፣ ማይጨው፣ ዓድዋ (ቤት ትምህርቲ ዶ/ር ጸጋይ) ዘጋጠመ ትሑት ውጽኢት ንምግላጹ ዘጸግም እዩ፡፡ ኣብተን ካልኦት ውን እቲ ዝሓለፈ ካብ ትሕቲ ፍርቂ ሚኢታዊ ኣዝዩ ዝተሓተ እዩ፡፡

ብኻልእ ገጽ ኣብ መቐለ ገለ ውሱናት ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ኩነታት ንምፍላጥ ኣብ ዝገበርናዮ ጻዕርታት ዝሓሸ ውጽኢት ከምዘሎ ንዕዘብ፡፡ ኣብ መብዛሕቲኤን ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ኩሎም ሓሊፎም እዮም ወይ ድማ እቶም ዝወደቑ በጻብዕቲ ዝቑጸሩ እዮም፡፡ በዝሒ ዝወደቑን ዝሓለፉን ተምሃሮ 12 ኣብ ውልቀን ናይ ህዝብን ኣብያተ ትምህርቲ ከክንዲዚ ክፈላለ ዝኸኣለሉ ምኽንያት ጸኒሕና ንሪኦ እንተኾነካ፣ ኣዝዩ ዘሰምብድን ብዕምቆት ክርኣይ ዘለዎን እዩ፡፡

ብዝኾነ ግን ብምኽንያት ንምዝራቡ ብዝኸብድ መጠን ዝወደቑ ተምሃሮ ሃጸይ ዮሃንስ፣ ኩነታት ውጽኢት ፈተና ተምሃሮ 12ተ ክፍሊ ትግራይ ንምፍላጥ ኣብ ዝገበርናዮ ምጽራይ፣ ናይ ሎምዓመት ፍሉይ ዝገብሮ ኩነት ነይሩ ዶ ይኸውን ኢልናንምጽራይ ንዝተወሰኑ መምህራን ሃጸይ ዮሃንስ ሓቲትና ነይርና፡፡ ጽሬት

ትምህርትን ውጽኢት ተምሃሮ በብግዚኡ ይወረድ ከምዘሎ እንዳፈለጥና ውን ነቶም ዘዘራብናዮም መምህራን፣ ኣብ ፈተና ዓመተ 2009 ከከንዲቲ ዘጋጠመ ውድቀት ከጋጥም ዝኽኣለ ዝተፈለየ ኩነታት ኣጋጢሙ ነይሩ ድዩ ኢልና ተዘራሪብና፡፡ ብመሰረት እቶም መምህራን ዝበሉና ሓበሬታ ፍሉይ ኩነታት ክበሃል ዝኽእል፤

- ኣብ ፈተና 12ተ ክፍሊ 2009 ዓ/ም ምቅድዳሕ ከይህሉ ካብ ካልእ ግዘ ብዝተፈለየ መልክዑ ሓለዋ ነይሩ
- ካብ ካልእ ግዝ ብዝተፈለየ መልክዑ ተምሃሮ ካብቲ ክልተ ሰለስተ ከፍ ዝብልሉ ወንበር ተቐይሩ፣ ኣብ ቀረባ ምስ ምሰራሕ ሓዱሽ ህንጻ ቤት ትምህርቲ ሃጸይ ዮሃንስ ዝመጸ ንመፈተኒ ዝተጠቐምሉ ወምበር ሕድሕድ (arm chair) ነይሩ፡፡ እዚ ድማ ምቅድዳሕ ብውሱን መልክዑ ከቢድ ከምዝኸውን ጌርዎ ክኸውን ይኽእል
- ኣብ ገለ ፈተናታት ካብቲ ክኸውን ዝግብኦ ናይ ማትሪክ ፈተና ትሕዝቶ ማለት ውን 60% ናይ 12 ክፍሊ 40% ናይ 11 ክፍሊ ወ ክኸውን እንዳተገብአ ዳርጋ ዝበዝሕ ካብ 11 ክፍሊ ዝመጸ ነይሩ፡፡ እዚ ምስ ካብ ኣብ ፌዴራል መንግስቲ ዘሎ ትካል ፈተናታት ምስላኽ ሓበሬታ ምስዝፍጠር፣ ካብ ካልኦት ከባብታት ብፍሉይ ጸቕጢ ክፈጥር ይኽእል፡፡
- ኣብ ከም ትምህርቲ ታሪኽ ዝበሉ ፈተናታት ድማ ናይ ምስጢር ኮድ ምዝባዕ፣ ሓደ ሕቶ ልዕሊ 10 ግዜ ምድግጋም ከምኡ ውን 5 ሕቶታት ኣብ መልሲ መውህቢ ወረቐት ዘይምሃለው ... ወዘተ ዝበሉ ምዝብዓት ነይሮም ይብሉ፡፡

ኣብ ፈተና ታሪኽ ዝነበረ ምዝባዕ ክእረም መምህራን እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ በዓል ሰልጣን ፈተናን ምዘናን ኢትዮጵያ ተደጋጋሚ ጻዕርታት ከምዘካየዱ ዝሓበሩ ኮይኖም፣ ከመይ ከምዝተኣረመ ጥሉል መልሲ ኣይረኸብና ይብሉ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ ቀረባ ዓመት ውጽኢት ፈተና ዓይነት ትምህርቲ ታሪኽ 82 ተምሃሮ ቃላሚኖ “F” ኮይኑ ከምዝወጸን ዳሕራይ ተደዊሉ ኩሉ “A” ከምዝኾነን ብምዝካር ኣብ ኣተኣራርማ ክፍጠር ዝኽእል ሽርሒ/ጌጋ ከይህሉ ስግኣቶም ዘካፈሉና ውን ኣይተስኣኑን፡፡

እዚ ኹላይ ንበሃሃል ዘለና ግን ጽሬት ትምህርቲ ትግራይን ዘለዎ ትሑት ደረጃ ንምሽፋን ዘይኮነስ ኣብ ፈተና 2009 ዝተፈለየ ኩነታት ምንባሩ ንምግላጽን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘሎ ኤጀንሲ ፈተነታት ዝሰርሑም ጌጋታት እንተሃለው ቀጻሊ ምርመራ ክካየድን ንምሕታት ክጥዕመና መእታን እዩ፡፡ እምበር ዘዘራረብናዮም መምህራን ቤት ትምህርቲ ሃጸይ ዮሃንስ ምኽንያት በዝሒ ምውዳቕ ተምሃሮ 12ተ ክፍሊ ቤት ትምህርቶም ሱር መሰረታዊ ከምዝኾነን ተቐቢሎም፣ ካብ ብምቅድዳሕ ዝመጽእ ናይ ኣሃዝ ጸጋ ከምዘላታ ነታ ናይ ሕዚ ኩነታት ውጽኢት መግለጺት ኩነታትና እያ ኢሎም እዮም ወሲዶም እዮም፡፡ ቤት ትምህርቶም ኣንጻር ምቅድዳሕ ተሪር ቁዋም ክትሕዝ ከምዝተዛተዩ ውን ሓቢሮም፡፡

እግረ መገድና ኣብ ክሊ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ውን ተዘራሪብና ኔርና፡፡ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ፈተናታት 8ይ፣ 10ይን 12ተን ዝሓሸ ውጽኢት ከምዘምጹኡ ብሰፊሑ ከምዝፍለጥ ሓቢሮምና፡፡ ምስዚ ተዛሚዱ ግን ወላካ ክፍሊት መምህራን ቀረብን ውንልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ናይ ህዝቢ ዝሓሸ ሰለዝኾነ፣ ጽሬት ትምህርቲ ኣብ ወልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሓሸ እዩ ክበሃል ዝኽእል እንተኾነ፣ እቲ

ዝምዝገብ ዘሎ ውጽኢታት ግን ሓቀኛ መዐቀኒ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ይግባእ፡፡ ኣብ መቐለ ዘለዋ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ጽሬት ትምህርቲ ምእንቲ ንግዳዊ ትርፊ ክብላ ኣብ ከቢድ ናይ ምቅድዳሕ መሰርሕ ካብ ዝኣትያ ነዊሕ ከምዝኾነ ብቐርበት ዝፈልጡ ሰባት ይዛረቡ፡፡

ከምዚ እዩ ... ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ውድድር ዕዳጋ ኣትየን ኣለዋ፡፡ በዝሒ ተምሃራይ ናብ ቀጽረን ክስሕባ እንተኾይነን ከም ሓደ መላለይ ሰልቲ ዝወሰድኦ ድማ ኣብቶም ነጥቢ መቐይሮ ዝኾኑ ደረጃታት ማለት ውን 8ይ፣ 10ይን 12ተ ክፍልታት በዝሒ ዘሕልፍኦ ተምሃራይ እዩ፡፡ ጽሬት ዘይኮነስ ብብዝሒ ዝልካዕ መስሕብ ከም ማለት እዩ፡፡ ነዚ ክፍጸም ድማ ተምሃሮ ካብ ተምሃሮ ምቅድዳሕ ወይድማ መምህራን ፈተና ሰሪሖም ንኩሎም ተምሃሮ ብምሃብ ተቐዳዲሖም ክሓልፉ ምግባር፡፡ ካልእ ኣዝዩ ዘደንጹ ድማ ኣብ መቐለ ዘለዋ ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ፤ ብዝረቐቐ መጽናዕቲ ኣብ መቐለ ካብ ዘለዋ ናይ ህዝብን ውልቀን ኣብያተ ትምህርቲ ኣሽማቶም ኣጽንዐን ንፉዓት ተምሃሮ ብመልክዕ ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይእክባ፡፡ እዞም ዝተፈላለየ ኣሽማት ክህልዎም እሞ ነቶም ብተመሳሳሊ ፊድል ዝጅምር ሽም ዘለዎ ተምሃሮ ከቕድሑ ተሓርዮም ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝወሃቦም ተምሃሮ፤ ኣብ ወሰንቲ ፈተናታት ን ንቡዙሓት ተምሃሮ ኣቕዲሖም ሒዞም ክሓልፉ ብመምህራን ትእዛዝ ይወሃቦም ይብሉ ፈለጥቲ ውሽጢ፡፡

ወለዲ ተምሃሮ ድማ ኣብ ክንዲ ደቆም ብጻዕርን ብንፍዓትን ተኾስኪሶም ዓብዮም ዝበለጸ ዓቕሚ ክፈጥሩ ምምካር፤ ናብዚ ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዝዘርግሖኦ እከይ ናይ ዕዳጋ መስርሕ ሰተት ኢሎም ይኣትው፡፡ ወለዲ ዶቆም ናብ ትምህርቲ ክእትው ከለው፤ "ኣበይ እዩ ዝሓሸ ጽሬት ትምህርቲ ዝለዎ ቤት ትምህርቲ ዘይኮነ ዘጨንቐም፣ ኣየናይ ቤት ትምህርቲ እዩ ተምሃሮ ብምሉኦም ዝሓልፉሉ" ኢሎም ኣጽንዖም ደቆም የእትው፡፡ ወለዲ ክሳብ 1000 ቅርሺ ንወርሒ ዝበጽሕ ክፍሊት ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ከቢድ ምስዝኾኖም፤ ተጸሚሞም ንዓመት ክሳብ 10 ሽሕ ከፊሎም ኣብታ ውላዶም ማትሪክ ዝወስደላ ዓመት ጥራሕ ናብ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ክኣትው ይገብሩ፡፡

ንሰለ ሓቁ ግን ከምዚ ዝበለ ቅጥፈትን ሸፈጥንዝተመልአ ትውልዲ ዘዕኑ ዘሎ ተግባር ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ናይ ውልቀ ጥራሕ ዝተወሰነ ኣይኮነን፡፡ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ውን መዐቀኒ ስራሕ ብናይ ሕሶት ጸብጻብን ካብ ዝኸውን ንነዝ ኣብ መሰርሕ ናይ ምቅድዳሕ ካብ ዝጥሕላ ጸኒሐን እየን፡፡ ኣብ ቅነ ወሰንቲ ፈተናታት ኣብያተ ትምህርቲ ህዝቢ፤ ኣብ ክንዲ ንህጸት ቡቑዓት ዜጋታት ዝጭነቓ፤ ንጸብጻብን ውጺት ተኮር መሰረት ዝገበረ ዕብየት ስራሕ ኣመራርሓ ኮነ ተባሂሉ ተምሃሮ ክቀዳድሑ ይሰርሓ፡፡ ፈተንትን ስፓርቫዘራትን ምእንታን ምቅድዳሕ ክፈቕዱ ብመልክዕ ጉቦ ፍሰስ ተፋሰስ ድግስ መስተን ብልዕን ይካየደሎም፡፡ ሕልፍ ኢሉ ክኸይድ ከሎ ድማ መምህራን ባዕላቶም ነቲ ፈተና ሰሪሖም ንተምሃሮ የከፋፍሉ፡፡ ስርዓት ከም ስርዓት ኣብ ቅጥፈት ጥሒሉ ትውልዲ ክቐትል ከሎ ማለት እዩ፡፡

ካብዚ ተበጊስና ክንሪኦ ከለና እቲ ኣብ ከም ሃጸይ ዮሃንስ ዝበላ ኣብያተ ትምህርቲ ዘጋጠመ ውድቀት ብመልክዕ ምንኣስ ጽሬት ትምህርቲ ክንዕዞቦ ከለና፤ ብኡ ልክዕ ድማ ኣብተን ጽቡቕ ውጺኢት ኣምጺአን ዝበሃላ ዘላዋ ናይ ህዝብን ውልቀን ኣብያተ ትምህርቲ ዝተረኸበ ውጽት ብዓይኒ ጥርጣረ ክንሪኦ ይግባእ ማለት እዩ፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘጋጠመ ህለው ኩነት ሕማቕ ውጺት ዘበገሶ ትዕዝብቲን ገለ ምጽራይ ሓበሬታን መሰረት ዝገበረ ሃለዋት ጽሬት ትምህረቲ እዚ ካብ በልና፤ ኣብ ትግራይ ኣብ ግዘ ናብ ግዘ ብዘሰክፍ ኩነታት እንዳወደቐ ዝመጽእ ዘሎ ጽሬት ትምህረቲ ሱር መሰረታዊ መንቀልታቱ ዝምልከት ከኣ ከምዝስዕ ክንሪኦ ንፈትን፡፡

ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ኣብ ዝነበረ እዋን ኣብተን ኣዝየን ውሑዳትን ምስ ጠለብ ትምህርቲ ህዝቢ ትግራይን ዘይመጣጠና ዝነበራ፤ ኣብ ልዕሊ ምውሓደን ከኣ እኹል ቀረብ ዘይነበረን፤ ኣብቲ ተምሃሮ ንልዕሊ ሓደን ክልተን ሰዓታት ተጋዒዞም ብኽርተት ዝምሃርሉ ዝነበረ እዋን … ትግራይ መፈልፈሊት ንፉዓት ተምሃሮ ከምዘይነበረት፤ ሎሚ መንግስቲ ብዝብሎ ዘይኮነስ ብዓይንና ውን ንሪኦ ተንኣሰ ምስ ጸገማቱ ቀረብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዝተመሓየሸሉ እዋን፤ ትግራይ ብትምህርቲትወድቀሉ ዘሎ ምኽንያትስ እንታይ እዩ?

ነዚ ገዚፍ ሕቶ ክንምልስ ኣዝዩ ጥሙርን ዝተዋደደን መጽናዕቲ ዘድሊካ እንተኾነ፤ ትዕዝብን ኣብ ሓደ ጉዳይ ዝግበር ቀጻላይ ምምይይን ውን ኣካል መጽናዕቲ እዩ እሞ፤ ጽሬት ትምህርቲ ትግራይ ከም ተጋሩ ተሸቒልና ንነዊሕ እዋን ዝዝተናሉ ሰለዝኾነ፤ ከምቲ ኣብ መጀመርያ እዚ ጽሑፍ ክገልጽ ዝፈተንኩዎ ትዕዝብተይን ትምዕዝብቲ ካልኦትን ከካፍል ክፍትን፡፡ ንዝበለጸ ርድኢትን ቀጻላይ ምምይጥን መእታን ክጥዕም ድማ፤ እቶም ምኽንያታት ውድቀት ክበሃሉ ዝኽእሉ ገለ ወሰንቲ ነጥብታት ብመልክዕ ሮቓሒ ፈላሊና ምብግላጽ ንርኣዮም፡፡

1. ዘይምዕሩይን ብልሽውን ፓለቲካል ቁጠባዊ ሃዋህው

ንሕና ቀዳማይ ብርኪ ኣብ ዝተምሃርናሉ እዋን ኢለ ከምዝገለጽክዎ፤ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ቁርጺ ፓለቲካል ቁጠባ ምዑሩይን ዳርጋ ብልሽውና ዘይፍለጠሉን ኩነታት ነይሩ፡፡ ብርግጽ ብሓባር ንካፈሎ ድኽነት ነይሩና ማለት እዩ፡፡ ናይ ዋጋ ናህሪ ውን ኣዝዩ ንእሽተ ዝበሃል ነይሩ፡፡ በቲ እዋን ቀንዲ ሰብ ግደ ዝበሃሉ መምህራን ዝኽፈሎም ዝነበረ ደሞዝ ንእሽተ እካ እንተኾነ፤ ኣብቲ ዝነብርሉ ሕ/ሰብ ዝሓሸ ህይወትን ኣናባብራን ክመርሑ ዘኽእሎም ነይሩ፡፡ እዚ ዝሓሸ ናብራ መምህራን ድማ ብዓይኒ ሕ/ሰብ ክበረት ክረኽቡ ሕ/ሰባዊ ተቐባልነቶም ልዑል ክኸውን ዘኽእል ነይሩ፡፡ መምህራን ንተምሃርኦም ተማሂሮም ህይወቶም ከምዝቕዩር ብተግባር ፍናን ዝፈጥሩ ሰባት ነይሮም፡፡ ተምሃሮ ድማ ትምህርቲ ከም መሳርሒ ምብጻሕ ናብ ዝሓሸ ህይወት ጌሮም ወሲዶም ዘይተሓለለ ጻዕሪ እንዳካየዱ ይሰርሑ ነይሮም፡፡

ለውጢ ቁጣባዊ ዕብየት ክምዝገብ ምስጀመረ ግን እቲ ዝጸንሐ ቁጠባውን ማሕበራውን ሚዛን ክዛባዕ ጀሚሩ፡፡ እቲ ዝምዝገብ ዘሎ ቁጠባዊ ዕብየት ዘኽሩዕን ጥዑይ ብዘይምኻኑ ድማ ውሑዳት ኣብ ዝሓጸረ ግዘ ሕጋውን ዘይሕጋውን ሃፍቲ ክፍርዩ ጀሚሮም፡፡ ካብ መንግስታዊ ስራሕ ወጺእ ንግድን ኣገልግሎትን ዝተዋፈረ ሰብ ሃፍቲ ክፍሪ ጀሚሩ፡፡ እቲ ወርሓዊት ደሞዝ ዝጽበ ግን ፊሒት ከይበለ ለውጢ ተሃለወት ውን ኣይተሙት ኣይተሕዩ እንዳኾነት ኣብ ዘለዎ ጠጠው ኢሉ ተሪፉ፡፡

እዚ ናይ ሃፍቲ ኣፉላላይ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እንዳተጋደደ ምምህራን ግዳይ ድኽነትን ሓሳረ መከራን ክገብሮም ጀሚሩ፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ብናብርኦም ዝሓሹ ተባሂሎም ብሕ/ሰብ ክብርን ተቐባልነት ዝነበሮም

መምህራን ናብራ ሓሳር ክነብሩ ጀሚሮም፡፡ መምህራን ጥራሕ ዘይኮኑ ካልእ መንግስቲ ሰራሕተኛ ውን ተለኪሙ፡፡ ውሑዳት ብሕጋውን ዘይሕጋውን መገዲ ውሑዳት ሃፍቲ ክእከቡ ከለው ንሳቶም ተዓዘብቲ ኮይኖም፡፡ ብሰናይ መንፈስ ዓድኻ ንምህናጽ መስዋእቲ ውን ከፊልካ ክትሰርሕ ዝኽእል ዝነበረ ፍናን በኒኑ ጠፊኡ፡፡ ከምዚ ዝበለ ወደቓ ብብዙሕ መገዲ እዩ ንጽሬት ትምህርቲ ክሃስዮ ዝጀመረ፡፡ ንኣብነት፤

- መምህራን ሓደ እዋን ምልክት ተማሂርካ ምኽባር ከምዘይነበሩ ሎሚ ምልክት ተማሂርካ ምሕሳር ኮይኖም
- መምህር ኣብ ጽቡቕ ናብራ እንዳነበረ ተምሃራይ ከምዘየለዓዓለ፤ ሎሚ ቀርባዕ ክዳን ዝሓመቐ ጫምን ሕሳር መግብን ዝናበር .. ንተምሃሩ ተስፋ ዘቑርጽ ኮይኑ
- መምህርነት ብሕ/ሰብ ከምዘይተኸበረ ሎሚ ተንዓቑ፡፡ መውስቦካ ኣይረክብን፡፡
- መምህራን ናብራ መሪርዎም ብሕ/ሰብ ተናዒቆም ካብ ምንባር ወጽዮም፤ ናይ ግድን ኣብቲ ብቁስ ዝተዓብለለ ሓዱሽ ሕ/ሰባዊ ክብሪ ክኣትው ሰለዘለዎም፤ ንዓመታት ዘምሀሩ ልምዲ ዘለዎም መማህራን ስርሖም እንዳገደፉ ናብ ንግዲን ስደትን ተዋፊሮም፡፡ ንኣብነትካስ ኣብ መቐለ ዘለው ስርሖም ገዲፎም ወይ ብትርፊ ሰዓቶም ባጃጅ ዝዝውሩ መማህራን ቁጻሮም ዘይንዓቕ እዩ፡፡ 3ይን 5ይን ክፍሊ ሒሳብ ዘምሀረኒ መምህረይ ዘዋሪ ባጃጅ ኮይኑ ሪኤዮ ኣለኹ፡፡
- መምህራን ካብቲ ዝፍጠር ዘሎ ዕብየት ተቓደስቲ ዘይምኻኖም ምስፈለጡ ከምኡ ውን መንግስቲ ናብርኦም ከመሓይሹ ዘኽእል ለውጢ ሰለዘይምጽአ፤ ከም መግለጺ ዓመጽ ኣብ ስርሖም ናብ ትልግምትን ዕሽሽታን ኣትዮም
- ገሊኦም መምህራን ድማ መምህርነት ከም መጻንሒ እንዳቐጸሉ፤ ኣብተን ዝነብሩለን ከተማታት ናብ ስራሕቲ ንግዲ (እንዳ መቀምቀሚ ጸጉሪ ከይተረፈ) ብሽሞም ከፊቶም ኣብ ሰላሕታዊ ዓመጽ ኣትዮም፡፡  ባኒ ክሸጥ ዝውዕልንጨግሪ ተምሃሮኡ ክቕምቅም ዝውዕልን መምህር ኣብ ሕ/ሰብ ብዛዕባ ትምህርቲ ዝፈጥሮ ጽልዋ ሕሰብዎ!
- ግድድ ክብል ከሎ ድማ መምህራን ንተምሃርኦም መሪሖም ናብ ከም ስዑዲ ዓረብያ ዝበሃላ ሃገራት ዘይሕጋዊ ስደት ክኸዱ ተራእዮም፡፡ ቅድሚ 3 ዓመታት ኣብ ወረዳ ኣጽቢ ወምበርታ ዝረኽብክዎ ደታ ልዕሊ 90 መምህራን ናብ ስደት ስዑዲ ዓረብያ ብዘይሕጋዊ መገዲ ከምዝኸዱ ይሕብር፡፡

ብተመሳሳሊ መገዲ ኣብቲ ህለው ፓለቲካል ቁጠባ ዘሎ ብልሽውና ኣብ ልዕሊ ጽሬት ትምህርቲ ዝፈጠሮ ጸቕጢ መስደመም እዩ፡፡ ኣብ መሪሕነት ውድብን መንግስትን ወይ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ መንግስቲ ዘሎ ሰብ፤ ኩሉ ዋላ ኣይኹን፣ ብስርቅን ጉሕለት ሃፍቲ ከዋህልል ከሎ መምህር እቲ ተማሂሩ ብስርቂ ውን ሃፍቲ ከፍሪ ዘይክእል ፍጡር ኮይኑ፡፡ ዘይምስራቕ ዜግኔታ ግቡእ እዩ፡፡ ግን ከ ሰፊሕ ብልሽውና ስነልቦና መምሃራን ኣናዊጹ ከምቲ ወለዲ ክምስሉ ዝብልዎ ቡዙሓት መማህራን … "ዓደቦኻ እንትውረር ዕጫኻ ኣልዕል" ኣብ ዝብል ሓሳብ ጥሒሎም … ክቡር ሞይኦም ገዲፎምብኣባልነት ውድብ ጌሮም ናብ መሪሕነት ወረዳታት ወይ ጣብያታት ክኣትው መሪጾም፡፡ ሎሚ ሓያል ቁጽሪ ዘለዎም ሰብ ልምዲ መምህራን ሞያ መምህርነት ገዲፎም ብሽም ኣባልነት ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ወረዳን ጣብያታት ኣትዮም ኣለው፡፡

ብሓፈሻ ዘይምዕሩይ መቑሎ ሃፍቲ፣ ብልሽውና፣ ዘይሕጋዊ ፍልፍል ሃፍቲ ውሑዳት፣ ካብ ንዝሰርሐ ንዘውደልደለ ዝጠቅም ፓለቲካል ቁጠባ ... ወዘተ ነቲ ሃገርን ህዝብን ዝሃንጽ ሞያ መምህርነት ኣዕንይዎ፡፡ መምህራን ድማ ኣብቲ ንዕኦም ዘሐሰረን ዘዋረደን ስርዓት ፓለቲካል ቁጠባ ተንሳፊፎም ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ናብ መስርሕ ወለዶ ምቕታል ኣትዮም፡፡

## 2. ስርዓት ትምህርቲ

ኣብ ኢትዮጵያ ከምኡ ውን ኣብ ትግራይ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ዘይረግአን ገና ዘይጸረየን ምኻኑ ኩላህና ንግንዘቦ ሓቂ እዩ፡፡ ወላካ በዓል ሞያ ስርዓት ትምህርቲ ተዘይኮንኩ፤ ካብ ልምዲ ካልኦት ህዝብታትን ዓለማትን ከም ንዕዘቦ፤ ስርዓት ትምህርቲ ሓንቲ ሃገር ወይ ሓደ ህዝቢ ክፈጥሮ ንዝደሊ ህንጸት ቁጣባን ኩለመዳያዊ ማሕበራውን ፓለቲካውን ለውጢ ዝምግብ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ኣብ 21 ክ/ዘመን ሓዱሽ ቁጠባዊ ዕብየት ከምዝግባ ንዝጽዕራ ዓድታት፤ ሓያል ውድድር ሰለዘሎ ናይ ግድን ተወዳዳራይ ናይ ሰብ ሓይሊ ክፈጥራ ይግባእ፡፡ ነዚ ድማ ፍልጠትን፣ ክእለትን ብቕዓት ዘጨብጥ ስርዓት ትምህርቲ ክንደፍ ኣለዎ ማለት እዩ፡፡ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ ጥራሕ ካብ ጭርሖ ዝዘለለ ሰለዘይከውን፤ ስርዓት ትምህርቲ ተፈጺሙ ገቢራዊ ዝኾነሉ ኣሰራርሓን በጀትን ክምደበሉ ይግባእ፡፡ ኣሰራርሓ ፈጢርካን ሃፍቲ መዲብካን ይፈጸም ኢልካ ሓደሻዕ ትእዛዝ ሂብካ ትገድፎ ሰለዘይኮነ ከኣ ቀጻልነት ዘለዎ ቅትትልን ቅጽጽርን የድልዮ፡፡ ከምኡ ውን ከምጠለብ ናይ ባዕልኻ ተለዋወጥቲ ኩነታት ዓለምለኻዊ ሃዋህውን ስርዓት ትምህርትኻ በበግዚኡ ብወፍሪ ዘይኮነስ፤ ብረቂቅ መጽናዕቲ ቀጻልነት ዘለዎ ምምሕያሽን ክለሳን ክህልዎ ይግባእ፡፡ እሞኸ ናትና ስርዓት ትምህርቲ ካብዚ ኩርናዕ ጠመተ እንታይ ይመስል?

ከም ትግራይ ስርዓት ትምህርትና ክንሪኦ ከለና ቀዲምና ንረኽቦ ጸገም ናይ ቋንቋ እዩ፡፡ ሓቂ እዩ ድሕሪ ዓወት ኣብ ትግራይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ብትግርኛ ክንመሃር ዘኽእል ስርዓት ትምህርቲ ተፈጢሩ እዩ፡፡ ካብ ሻምናይ ክፍሊ ሓሊፉ ትግርኛ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ናይ መምሃርን መጻናዕትን ልሳን ሰለዘይኮነ ግን ኣብ ትግራይ ብቐሊሉ ንተጋሩ ዝስማዕማዕ ስርዓት ፍልጠት ከይህሉ ሓናቒ ተራ ኣለዎ ክበሃል ዝከኣል እዩ፡፡

ካልእ እቲ ስርዓት ትምህርቲ ብዕምቀት ንምምጋም ሙሉእ መጽናዕቲ ሰለዝድሊ ምህዋኽ ከይከውን ተቐጢብና፤ ካብ ትዕዝብቲ ከምንሪኦ ግን ብማሕለኻታት ዝተመልአ እዩ፡፡ ስርዓት ፍልጠቱ ካብ ከባብያዊ ጸጋ ዝረሓቐ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፤ ብተግባር ክፍጸም ከሎ ድማ ዝኸፈአ ተንሳፊፉ ዝተርፍ እዩ፡፡ ቀረብ የለን፡፡ ቀረብ ኣብ ዘይብሉ ድማ ተምሃሮ ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓጽትን ኣጣሚሮም ክወጹ ኣይኽእሉን፡፡ እኹል ቤተ ፈተነን ቤተ ንባብን ኣብዘይብሉ ተምሃሮ መሰረታዊ ነገራት ከይፈለጡ፤ ካብ ቀዳማይ ብርኪ ናብ ካልኣይ ብርኪ ከምኡ እንዳበሉ ክሳብ ዩንቨርስቲ ይበጽሑ፡፡ ምዘናን ቁጽጽርን ውን እንተኾነ ካብ ሳይንሳዊ ዓወት ፓለቲካዊ ዓወት ሰለዝዕብልሎ ዘይድዓዊ ይኸውን፡፡ እዚ ሰፊሕ ጸገም ምስቲ ቅድም ኢሉ ዝተገለጸ ናይ መምህራን ኩነታት ተደሚሩ ዕንወት ይፈጥር፡፡

ስርዓት ትምህርትና ኣብ ልዕሊ ሰንከልከላቱ ተወሰኽቲ ብልሽውናታትን ወገናዊ ኣሰራርሓታት ክሕወስዎ ከለው ድማ ዝገደደ ባይታ ይዘብጥ፡፡ ጽሬት ዘይብሎም ናይ መንግስትን ውልቀን ትካላት ብመልክዕ

ችርቻሮ ንዘይበቕዑ መምህራን ሰርትፊኬት ዝዓደልሉ ወቕቲ ንዝክሮ ኢና፡፡ ዘይበቕዑ መምህራን ሕሱም ናብራኦም ተወሲኽዎ ድማ ኣብ ቀጻላይ ቅትለት ወለዶ ኣቲና ኣለና፡፡

### 3. ፓለቲካዊ ኢድ ኣእታውነት

ብመርሖ ዴሞክራሲ ትካላት ትምህርቲ ካብ ፓለቲካዊ ምትእትታዋት ናጻ ክኾና ይጥለብ፡፡ እዚ ካብ ወገን ሊበራል ዴሞክራሲ እዩ ክበሃል ይኽውን፡፡ ብዝኾነ ግን ዴሞክራሲ ንዕኡ ዝጠልብ እንተኾይኑ ክትግበር ምተገብአ፡፡ ኣብ ዓድና ዝርኣይ ዘሎ ግን ሰፊሕ ፓለቲካዊ ምትእትታው እዩ፡፡ ተምሃሮን መምህራን ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ወጻእ ዝደልይዎ ፓለቲካዊ ውግንና ክህልዎይ ይኽእል፡፡ካብዚ ወጻእ ስርዓት ሕበረፓርቲ ንቕበል ኢና እንዳተብሃለ ብካልእ ሸነኽ ግን ገዛኢ ውድብ ብዓብላልነት ዘሳልጦ ንናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ ዝነጽግ ፓለቲካዊ ምትእታው ክህሉ ከሎ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ናብ መድረኽ ፓለቲካዊ ንሕንሕ ክልወጣ ግድን እዩ፡፡ ገዛኢ ፓርቲ ፓለቲካዊ ልዕልንኡ ከረጋግጽ ተቓወምቲ ድማ ህልውንኦም ከረጋግጹ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ይኣትው፡፡ ገዛኢ ፓርቲ ነዚ ቅልስ ክቆጻጸር ኣባላቱ መሪሕነት ኣብያተ ትምህርቲ ክጭቡጡ፣ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ነቶም ተቓወምቲ ዝብልዎም ወይከኣ ነቲ ገዛኢ ውድብ ዘይድግፉ መምህራን ጥቡቕ ክትትልን ሓለዋን ይገብሩ፡፡

ከምዚ ዝበለ ሃዋህው ክፍጠር ከሎ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ትምህርታዊ ተልእኾ ዝምስረት ናይ ሓባር ምርድዳእን ናይ ሓባር ዕላማን ይጠፍእ፡፡ ፓለቲካዊ ምትህልላኽ ዛይዱ ክኸይድ ከሎ ምጥቕቓዕን ምውንጅጃልን ይፍጠር፡፡ ገዛኢ ውድብ ጸላእተይ ዝብሎም ከጥቅዕ ካብ ሓቀኛ ናይ ስራሕን ዓቕምን ምዘናን ንዕኡ ዝምጥን ዝኽፈል ዋጋ ወጽዩ፣ ንመምህራን ብፓለቲካዊ ኣረኣእይኦም ይግምግሞም፡፡ ብፓለቲካዊ ተኣማንነት ዝበለጸ መምህር በቲ ሰነፍን በለጸኛን ይውቃዕ፡፡ ጽቡቕ ዝሰርሕን ዝጽዕርን ብምኽንያት ፓለቲካዊ እምነቱ ካብ ቀጻሊ ዕብየትን ረብሓን ይግለል፡፡

እዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓቂ እዩ፡፡ እዚ ክእረም ምተገብአ፡፡ ግን ከ በቲ ውድብ ህወሓት ትስዕቦ ዘላ ስነሓሳብ ወይናይ ዴሞክራሲ/ልምኣታዊ ዴሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ መሰረት፣ ህወሓት ሓሳቡ ክሳብ ዘይቀየረ ወይ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝቐጸለ መንግስቲ ትግራይ ነዚ ክእርሞ እዩ ኢልካ ምጽባይ ከቢድ እዩ፡፡ ኣብ ክሊ ልምዓታዊ ዴሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ከምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ልምዓታዊ መንግስቲ ኣሰራርሓ፣ ውጽኢትን ብቕዓት መሰረት ዝገበረ ምልመላ ኣባላትን ኣመራርሓንእተዝፈጥር ውን ግን ጽቡቕ ምነበረ፡፡ ግንከ ኣባልነት ህወሓት መሕብእን መሸቀጥን በለጸኛታትን ሰነፋትን ኮይኑ ሰለዘሎ ናይ ምልዋጥ ለውጢ ኣብ ቀረባ ምጽባይ ከቢድ እዩ፡፡

### 4. ናይ ሕሶት ጸብጻብ ከም መለክዒ

ንዝሓለፉ 10ን ልዕሊኡን ዓመታት ኣብ ትግራይ ኣንጻር ሃይማኖታትን መሰረታዊ ስርዓተ ክብሪ ህዝብናን ዝቓንቕ መንግስቲ ከም መንግስቲ ናብ ሕሶት ዝኣተወሉ ኣካይዳ ኣብ ኩሉ ዓውድታት እዩ ዝርምሰና ዘሎ፡፡ ኣብ ጥዕና፣ ኣብ ሕርሻ፣ ኣብ ትምህርቲ ... ዳርጋ ኣብ ኩሉ ሕሶት ጸብጻብ ነጊሱ፡፡

መንቀሊ ተላባዲ ሕማም ናይ ሕሶት ጸብጻብ፣ ኣብ ትግራይ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ወይ መንግስቲታዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ሰራሕተኛታት ብዓቕምን ብቕዓትን ዘይኮነስ ብፓለቲካዊ ተኣማንነት ክኸውን ዝደፋፍእ ኩነታት ምስተፈጠረ፣ እሞ ህወሓት ብኣልማሚት ኣባላት ከፍሪ ምስጀመረ ዝመጸ እዩ፡፡ ህወሓት ናይ ዕላማን ተወፋይነትንመዐቀንታት ኣልጊሱ ብኣልማሚት ኣባላት ከፍሪ ምስጀመረ ድማ በለጸኛን ሰነፍን ንህወሓት ወሪርዋ፡፡ ካብ ብቕዓት  ኣባልነት ውድብ ዝመርጽ መስርሕ ምልመላ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ድማ በለጸኛን ሰነፍን ቢሮክራሲ ክወሮ ፈቒዱ፡፡

ኣባልነት ህወሓትን ከም መጥቀምን መጸገይን ክጥቀም ዝኣተወ ዘይጽሩይ ኣባል፣ ህወሓት ብናተይ ትብሎ ኣሰራርሓ ፓሊሲ ብዝበለጸ እንተፈጺምኩ ክትዓብዩ እኹም ኢላቶ፡፡ እዚ ውድድር ፈጢሩ፡፡ ጥዑይ ውድድር ግን ኣይኮነን፡፡ በለጽን እንታይ ኣእተውንን ዝዓብለሎ ውድድር ደኣ እምበር፡፡ ዝበለጸ ቦታን ዕብየትን ክርከብ ናብ ሕሶት ተኣትዩ፡፡ ውድብ ደማ ኣብ ሃገራዊ መድረኽ ዝሰርሓቶን ዘይሰርሓቶን እንዳተዛረበት ብዓይኒ ሃገር ሞዴል ክትከውን ኣጋዲዳቶ፡፡ ኮታስ ናይ ሕሶት ጸብጻብ ኣብ ኩሉ ህይወትና ኣትዩ፡፡

ጽሬት ትምህርቲ ውን ካብዚ ዝተፈለየ ኣይኮነን፡፡ ውጽኢት ተኮር ዝበሃል መመዘኒ መጽዩ፡፡ ውጽኢት ተኮር ከም ሓሳብ ሕማቕ ኣይኮነን፡፡ ግንከ መምህር ብቐጻልነት ሃገር ብዝሃንጹ ብቑዓት ተምሃሮ ምፍጣሩን ብዘይምፍጣሩን ዘይኮነስ ዝልካዕስ፣ ብመጠን ዘሕለፎም ተምሃሮ እዩ ዝልካዕ ተባሂሉ ናብ ጸገም ተኣትዩ፡፡ ኣብ ከርፋሕ ናብራ ዘሎ መምህር ተንኣሰ እታ ዝረኽባ ኣምሲሓ ዘይተድርር ደሞዝ ከጽንዕ እቲ ኣብ ኣመራርሓ ትምህርቲ ዘሎ ድማ ምስ ካልኦት ከምኡ ዝበሉ ተወዳዲሩ፣ ብብቕዓት ዘይኮነስ ብናይ ሕሶት ጸብጻብ ተናሓኒሑ ክስዕር ናብ ኣሃዛዊ ንሕንሕ ጢሒሉ፡፡፡

ኣብያተ ትምህርትን መምህራን ትምህርቲ ዘይኮነስ መጠን ዓመታዊ ዘሕልፍኦ ተምህራይ ከጨንቑን ጀሚሩ፡፡ ብውጽኢት ቶኮር መሰረት 100% ዝብል ጸብጻብ ትግራይ ኣናዊጽዋ፡፡ መምህራን ኣብያተ ትምህርትን 100% ተምሃሮኦን ከሕልፉ መእታን ንልዕሊ 3 ኣዋርሕ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝተረፉ ተምሃሮ ውን እንዳተለመኑ ክፍትኑ ተገይሩ፡፡ ዝወድቕ ተምሃራይ ከይህሉ ምቅድዳሕ ፍቑድ ኮይኑ፡፡ ስርቂ ሕጋዊ ኮይኑ፡፡ ብምቅድዳሕ ዘይሰለጦም ተለው ድማ ሓለፍቲ ክፍሊ መእታን 100% ውጽኢት ተኮር ከመዝግቡ ነቶም ባዕላቶም ነጥቢ ወሲኾም የሕልፍዎም፡፡ ሓደ ዓርከይ ኣብ ከባቢ ዓዲ ዳዕሮ ዝኾነ ከም ዝሓበረኒ ከምዚ ዝበለ ኣሰራርሓ ብህይወት ዘየለ ኣብ 4ይ ክፍሊ ዝሞተ ተምሃራይ 6ይ ክፍሊ ክሳብ ዝበጻሕ ዝገበረ ነውራም ሕሶትትግራይ ኣበሳቢስዋ፡፡

5. **ኣመላምላን ኣቆጻጽራን መምህራን**

መምህር ሃናጺ ወለዶ እዩ፡፡ ቀጻልነት ሃገርን ህዝብን ኣብ ቀጻልነት ዘለዎ ቅብብል ጥዑይ ወለዶ ይድረኽ፡፡ መምህር ህይወት ወለዶ ይቕይር መድሕን ሃገር ዝኾነ ወለዶ ከኣ ይፈጥር፡፡ መምህር ግደ መምህር ከክንድዚ ካብ ኮነ፣ ሓንቲ ሃገር ልዕሊ ንመምህር ዝኸፈል ዋጋ ንኻልእ ሞያ ክትከፍል የብላን ማለት እዩ፡፡ ሰለዝኾነ ድማ ኣብተን ዝማዕበላ ንብለን ሃገራት ካብቶም ዝለዓለ ዋጋ ዝህቡ ሞያታት  ሓደ መምህርነት እዩ፡፡ ቀጺሉ ድማ ወተሃደርነትን ሓኪምን፡፡ ዝማዕበላ ሃገራት ዋጋ መምህርነት ብኣግባቡ

ሰለዝርድኣ ካብ ዜጋታተን ዝለዓለ ዶሞዝ ንመምህራነን ይኸፍላ ጥራሕ ዘይኮ ግን ዝበለጸ ሓንጎል መምህር ክኸውን መእታን ኣጸቢቐን ይሰርሓሉ፡፡ ዝለዓለ ብቕዓት ዘለዎም ሙሁራን መምህራን ክኾኑ ብዱልዱል ስልጠና ይሃንጹ፡፡

ናብ ናትና ኩነታት ክንመጽ ከለና ግን፤ ኣብ ናትና ዕድመ ከምንሪኦ መምህርነት ብፍላይ ንታሕታወት ትከላት ትምህርቲ ዝኸውን ክምልመል ከሎ ብነዊሕ ትልምን ሩሑቕ ራእን ተቓንዩ ኣይኮነን፡፡ ከም ሞያ ክብሪ ኣይተውሃቦን፡፡ ቅድም ክብል ናብ ቀጸልቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ክኣቱ ዓቕሚ ዝሓጽሮ ሰብ ወይከኣ ዝጸገሞ ቀልጢፉ ስራሕ ክረክብ ዝደሊ ናብ መምህርነት ይኣቱ፡፡ ኣብ ዩንቨርስታት ውን ዝሓሸ ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ መምህር ክኸውን ሰለዘይደሊ፤ ገና ኣብ ምድብ ቀዳማይ መምህርነት ተጸይፉ ናብ ካልኦት ክፍላተ ትምህርቲ እዩ ዝኣቱ፡፡ ትሑት ውጺኢት ዘለዎ ብፍታውንን ዘይፍታውን መምህርነት ክስልጥን ይምደብ፡፡ ኮታስ መምህርነት ክብሪ ሰለዝሰኣነ፣ ዋጋ ሰለዘይኸፈሎ፣ ፍልፍል ሓበን ዝሓሸ ናብራን ሰለዘይኮነ፤ መምህርነት ከም ሞያ ሰሪዑ ክስልጥን ዝደሊ ወናኒ ዝበለጸ ዓቕሚ ቁጽሩ ትሑት እዩ፡፡ ናይ ግድን ግን መምህራን ክህልው ሰለዘለዎም ዝርካቡ ካብቲ ዝኣተየ ይስልጥን፡፡ ኣብ ልዕሊኡ ትሕት ምዘናን መረጋገጺ ብቕዓት ተወሲኽዎ ብትሑት ብቕዓት ይምረቕ፡፡ ኣመላምላ መምህርነት ወላ ብሞያ መምህርነት ዝሰልጠኑ ኣይኹኑ ዝሓሸ ክበሃል ዝከኣል ኣብ ዩንቨርስታት ጥራሕ እዩ፡፡

## 6. ጸረ ትምህርትን ጽሬት ትምህርት ዝወፈረ ፓሊሲ ፈጠራ ሽቕሊ

ኣብ ዝኾነ ዓዲ ሓደ መንግስቲ ዜጋታቱ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክኣትው ዝጉስጉስ፤ ንኹሎም ኣብ ናይ መንግስቲ ስራሕ ወይድማ ኢዶምን እግሮምን ኣጣሚሮም ዝቖጸርሉ ቤት ዕዮ ክጽበዩ ከምዘለዎም እንዳተዛረበ ኣይኮነን፡፡ ትምህርቲ ዘድሊ ሰባት ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓት ክጭብጡ ብምግባር ኣብ ህይወቶም ተዓወቲ ኮይኖም ባህግታቶም ከማልኡ ንምኽኣል ዝብል ሓፈሻ መራድድኢ ዕላማ ትምህርቲ እዩ፡፡ ኣብ ዓድና ብመንግስቲ ከም ነዚ ኩርናዕ ጠመተ ከምጎስጋስ ፈጠራ ሽቕሊ ምጭባጡ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን፡፡

ኣባና እቲ ጸገም ዝተፈጠረ፤ መንግስቲ ብሚድያታትን ብዝተፈለላዩ ኣኼባታትን ብሽም ሽቕሊ ፈጠራ ከሕልፎ ዝደለየ መልእኽቲ እዩ፡፡ ፕሮፓጋንዳ ፈጠራ ስራሕምምሃር ወይ ኣብ ትምህርቲ ዝካየድ ናይ ዜጋታት ጸዕሪ ወጋ ከምዘይብሉ ዘስምዕ ቴማ ዘሕልፍ እዩ፡፡ መንግሰቲ እንዳተጋደደ ዝመጸ ሽቕሊ ኣልቦት መናእሰይ ፍታሕ ዝበሎ ምብርትታዕ ፈጠራ ስራሕ ከም ሓደ ናይ ሚደያ ጎስጎስ ምቅላሕ ቀጺሉ፡፡ ኣብዚ ጎስጋሳት ብሚድያ ዝሓለፍ ዝነበረ መልእኽቲ ግን ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ፡፡ እቶም ደሞዎዞም ከናብሮም ዘይከኣለ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሞይኦም ራሕሪሖም ናብ ንግድን ካልኦት ስራሕትን ምስ ኣተው ብራድዮን ብቴሌቭዥን መደባት እንዳተሰርሓሎሞም … “ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኔርና፡፡ ንጸገም ኔርና፡፡ ስራሕ መንግስቲ ገዲፍና ንግዲ (ንኣብነት ጸጉሪ ወይ ምስንካት ኣንጀራ) ጀሚርና፡፡ ሎሚ ጽቡቕ ኣለና፡፡ ነብስና ኪኢልና ስድራና ንጥውር ኣለና … ወዘተ ወዘተ” ክብሉ ይግበር፡፡ ሕስብ እሞ ኣብልዎ!ንከምዚ ዝበለ መሰከፊ መልእኽቲ፤ ትሑት ደረጃ ንቕሓት ሕ/ሰብና ተወሲኽዎ፤ መንግስቲዝነዝሖ ፕሮፓጋንዳ ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ዝተጋሳቐለ ናብራ ሲቪል

ሰንርቫንትመምህራን ሓዊሱ እንታይ ዓይነት መልእኽቲ የሓልፍ ከምዘሎ? ምምሃር ኣይጠቅምን ወይ ድማ ሰንካቲ እንጀራን ቀምቃሚ ጸጉርን ክትከውን ምምሃር ኣየድልየካን ዝብል ክኸውን ይኽእል፡፡

ኣብ ልዕሊኡ ተማሂሩ ስራሕ ዘይረኸበ፣ እንተረኸበ ውን ዝረብሕ ለውጢ ዘይብሉ ክፍሊት፣ እቲ ዝሓሸ ዝሰርሕ ውን ዝበዝሕ ካብ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዘይኮነስ ካብ ምውቓዕ ዘትርፍ፣ ገሊኡ ድማ መንግስቲ ከም ጸረ ቃንዛ ስእነት ስራሕ በበግዚኡ ፈይ ዘብለን ከም ስራሕቲ ኲብልስቶን ዝብላ ፕሮጀክታት ሰሪሑ ንዕኣን ወዲኡ ድማ ቀንፈዘው ክብል ዝርኢ መንእሰይ ትግራይ ... ከመይ ኣቢሉ ኣዩ ንትምህርቲ ክብሪ ሂቡብጻዕሪ ዝመሃር?

7. ብመልክዕ ነብሰ ቕትለት ክግለጽ ዝኽእል ዝምቡዕ ሕ/ሰባዊ ኣተሓሳስባ

ከምቲ ሓንካስ ዝመራሒተን ... ዝበሃል ምስላ፤ ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ዘይምዕሩይን ብልሽውን ፓለቲካዊን ቁጣባውን ስርዓት ብዝፈጠሮ ናይ ርድኢት ምዝባዕ ምኽንያት፤ ሕ/ሰብ ኣብ ልዕሊ ትምህርቲ ዝሓዞ መርገጺ ዘደንጹ እዩ፡፡ ብጀካ ውሑድ ዝተምሃረ ስድራቤት ዝበዝሕ ድኻ ስድራ ደቁ ካብ ክመሃሩ ኣብ ዝሓጸረ ግዘ እንተስ ኣዋቒዖም እንተስ ብኣግባቡ ሰሪሖም ነብሶም ክኢሎም ክሕግዝዎ ይመርጽ፡፡ ሰለዚ ትምህርቲ ማለት ኣብ ሰፊሕ ርድኢት ሕ/ሰብ ኣብ ድኽነት ዘንብር ከም ማለት ተወሲዱ፡፡ ምናልባት ምምሃር ዘድሊ ንፈልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትትን ዘይኮነስ ከምዝበልካ ኢልካ ናብቲ ዘብልዕ ኣቲኻ ንምምንዛዕ እዩ፡፡

ከምዚ ክብል ከለኹ ሕማቕ መደምደምታ ክመስል ይኽእል እዩ፡፡ ግን ናይ ዝበዝሕ ሕ/ሰብ ነጸብራቕ እዩ፡፡ ኣብ ምብራቕ ትግራይ ዝተኻየዱ መጽናዕታት ከምዝሕብርዎ ወለድን ደቆምን ካብ ዝመሃሩ ብዘይሕጋዊ መገዲ ናብ ስደት ዓረብ ክኸዱ ይመርጹ፡፡ ኣብ ካልኦት ከባብታት ውን መጠኑ ይፈላለ እምበር ወለድን ተምሃሮን ካብ ንትምህርቲ ንንግድን ስደትን እዮም ዝጠልቡ፡፡ በቃ ትምህርቲ ፍልፍል ሃፍቲ ኣይኮነን ዝብል ሓያል እምነት ይሰፍን ኣሎ፡፡

እዚ ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ግን ንዓና ንተጋሩ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኣዝዩ ሰራምን ኣተሓሳስባ እዩ፡፡ ኩሉሰብ ናብ ዩንቨርስቲ ይእቶ ኩሉሰብ ድግሪ ይወንን ማለት ኣይኮነን፡፡ እንተንኣሰ ኣብ ዘመናዊ ዓለም ክነብር ተዋዳዳሪ ቁጠባ ክንሃንጽ ብፍልጥትን ብኽእለትን ዝምራሕ ቁጠባ ደኣ እዩ ክንሃጽ ዘለና እምበር ብመሃይምነት ዝምራሕ ክኸውን የብሉን፡፡ ኣብ ዘመናዊ ቁጠባ ክምህዝ ዘይክእሉበሱል ኣመራርሓ ስራሕ ዘይብሉ ሓይሊ ሰብ ዝሓዘ ሕ/ሰብ ዕጭኡ ልምዓት ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡፡

ብዓብይኡ ድማ ንሕና ከም ተጋሩ ትግራይ ክነልምዓ ተኾይና ገዚፍ ፍልጠትን ማልን የድልየና፡፡ ትግራይ ከምቶም ማይን ልሙዕ መሬት ዘለዎም ብጭኻሮ ኩዐዊቶም ዕፉን ድርብይ ኣቢሎም ኣብቂሎም ደሓር ሰሊዖም ዝበልዑ ዓድታት ኣይኮነትን፡፡ ትግራይ ክትለምዕ ናይ ግዱን ሓያላት ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን መሓንቖታት ክትሓልፍ ኣለዋ፡፡ ነዚ ፍታሕ ዝህብ ድማ ዝሓየለ ሓንጎልን ዝተወደበ ማልን እዩ፡፡

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ንነብር ምኻና ንባዕሉ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘጨብጥ ዕውት ትምህርታዊ ስርዓት ክልወና ዝጠልብ እዩ፡፡ ትምህርቲ ምስ ህልውናና እዩ ክዛመድ ዝግብኦ ዝነበረ፡፡ ሰንፍናን ድንቁርናን እንተሰኒፉና ግን ከላይታ ብኸንደይ መስዋእቲ ዝረኸብና ብሄራዊ ሓርነትና ክንስእና ንኽእል ኢና፡፡ ምኽንያቱ ጸላእትና ኣብ ቁጠባውን ፓለቲካውን ንጥፈታትና ከውድቑና ንዘካይድዎ ቃልሲ ክንምክት ኣይንኽእልን፡፡ዝኸፍአ እንተመጺዩ ድማ ነብስና ከሐልወና ዝኽእል ቴክኖሎጅን መሰራሕን ክንዕጠቕ ኣይንኽእልን፡፡

8. ጽልዋ ዓውለማነትን ጥዕና ዘይብሉ ከባብያዊ ንጥፈታትን

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና 21 ክ/ዘመን ዓውለማ ክንሓልፎ ዘይንኽእል ዓለምለኻዊ ሓቂ እዩ፡፡ ዓውለማነት በብግዜኡ ዝምዕብልን ዝራቐቕን ዘሎ ቴክኖሎጂ ተጠቒሙ ናይ ሕድሕድ ሰብ ህይወት ናይ ምትንካፍ ዓቕሙ ብሓይሊ ይውስኽ ኣሎ፡፡ዓውለማነት ግን ዕድል መርገምን እዩ ሒዙ ዝመጽእ ዘሎ፡፡ መርገማት ዓውለማነት መኪቱ ነቶም ዐድላት ተበሊጹ ናብ ረብሕኡ ዘውዐለ ድማ ይዕወት፡፡

ኩነታት ህጻንውንትን መናእሰይ ትግራይ ካብዚ ዓንኬል ወጻእ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ልክዕ ከም ካልኦት ድኻታት ዓድታት፣ ትግራይ ኣብ ቀጻሊ ጽልዋ ዓውለማ ትርከብ፡፡ እንተኾነ ብስፍናና ካብ ዓውሎማ ዝበለጸ ዕድላት ዘይኮና ንመሃር ዘለናስ ስርዓተ ክብርናን ባህልናን ዝምርዝ ናይ ካልኦት ጸቕጢ እዩ፡፡ ኣብ ልዕሊኡ ባዕልና ዘይፈጠርናዮም ካልኦት ንረብሓኦም ዝፈጠርዎም ውጽኢታት ቴክኖሎጂ ኣብ ዓድማዕነት ስራሕና ኣልታዊ ጽልዋ ክፈጥሩ ምርኣይ ልሙድ እንዳኾነ ይመጽእ ኣሎ፡፡

ማሕበራዊ ሚድያ (Facebook)ን ካልኦትን ምስረብሓታቶም ኣብ ሰነ ልቦናን ኣጠቓቕማ ግዘን ዓብይ ጽልዋ ይፈጥሩ ኣለው፡፡ ከም በዓል ቃና ዝበሉ በዕዳዊ ቋንቋን ባህልን ዝሰብኩ ቴሌቭዥናት ውን ስነ-ልቦና መናእሰይ ከቲሮም ብምውሳድ ቀልበም ካብ ህንጸት ቀጻሊ ህይወት ኣብ ሕልማውን ዘይህገሃድን ስምዒት ክጥሕል ይገብሩ ኣለው፡፡ ትሑት ቁጽጽር ወለዲ ኢሉ ውን ንትምህርቲ ደቆም ዘይምግዳሶም ተወሲኽዎ ዝኸፈአ ዕንወት ይፈጥሩ ኣለው፡፡

ካልእ ክንግንዘቦ ዝግባእ ድማ ኣብ ትግራይ ኣብ ቀረባ ከም ወራሪ ሓይሊ ንትግራይ ዝወራ ዘሎ ማሕበራሰባዊ ቅልውላው እዩ፡፡ ንኣብነት መቐለ ኣብ 10 ዓመታት ጥራሕ ከተማ ከም ከተማ ናብ እንዳመስተን እንዳብልዕን ትልውጥ ኣላ፡፡ ዝሓሸ ዕድል ክሳብ ዘይፈጠርና እቲ መንእሰይ ናብ ስደት ሃጽ ኢሉ ካብ ዝጠፍእስ፣ ሓንቲ ጋል ኣንስተይቲ እንዳ ቢራ/ቡን ከፊታ ንባዕላን ነተን ከሳስያን ብርጭቆ ክኻጽባን ትቖጽረን ክልተ ወይ ሰለስተ ሰብ ስራሕ ክትፈጥር ትኽእል ብዝብል ቁቡል ተገይሩ ይኸውን እዩ፡፡ ብርግጽ ከምዚ ዝበለ ናይ ብልዕን መስተን ስራሕ መጻንሒ እምበር ጥውይ ቁጠባ ክንሃጽ ኣይኽእልን፡፡ ንኾርዓሉ ውን ኣይኮነን፡፡

ዝኸፍአ ጸገም ግን ከምቲ ኣብ መቐለ ዝርኣይ ዘሎ እንተኾይኑ፣ ቁጽጽር ዘይብሉ ኣብ ሕድሕደ ኣንጎሎ እንዳመስተታ እንደተከፈቱ ከተማ ከም ከተማ ናብ ሓንቲ ዓባይ ዳስ ዝቕይር ኣካይዳ፣ ኣብ ማሕበራዊ ህድኣትን ስነ ምግባርን ሕ/ሰብና ዓብይ ጸገም እዩ ዝፈጠር ዘሎ፡፡ መስተን ዙሙትን ከም ለበዳ ሓዊ ይስፋሕፍሑ ኣለው፡፡ ካብ ጫትን ሽጋራን ጀሚሩ ከም ሽሻን ሓሽንን ዝበሉ ሓደገኛ ዕጽፉራሳት

ከተማና ይወርዋ ኣለው፡፡ እዚ ድማ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ንተምሃሮና ብፍላይ ነቶም ኣብ ጉርምስና ከባቢ ዘለው ካብ መስመር ህይወቶም ኣውጽኡ ኣጉል የትርፎም ኣሎ፡፡ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ዳማ ኣብ ጽሬት ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ጽልዋ ይፈጥር ኣሎ፡፡

ሰለዚ ከም ተጋሩ ጽሬት ትምህርቲ ክመሓየሽ እንተኾይኑ፣ ታህዲድ ደሓን ኣለና ተገዲፉ፣ እዞም ጸገማት ክእለዩ ኣለዎም ማለት እዩ፡፡ “ዝላ ክነመዝግብ” ኢና እንዳበልካ ብጭርሖ ዘይኮነስ ጽሬት ትምህርቲ ዝቐትሉ ዘለው ማሓንቐታት ብደቂቕ ይመርመሩ ይጸንዑን፡፡ ምስ ትግራዋይ ብሄራዊ ሕልምታትና ፣ ምስ ዘለና ማሕለኻታት፣ ምስቲ ክንበጽሖ ዝግባኣናን ንብህጎን ሓበራዊ ራእና ... ዝዋደድ ስርዓተ ትምህርቲን ኣፈጻጽማን ክህሉ ክንሰርሕ ይግባእ፡፡ መንግስቲ፣ ሰብ ሃፍቲ ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ጽሬት ትምህርቲ ከም ናይ ህልውና ጉዳይ ሓሲብና ንፍታሑ ሎሚሎሚ ክንለዓል ኣለና፡፡ እንተዘይኮይኑ ውሑጅ ጊሒጡ ከጥፍኣና ይኽእል እዩ፡፡

መሓሪ ዮሃንስ ገብሩ

mahariyohans2020@gmail.com

10/11/2017

መቐለ